# ዴሞክራስያዊ ስምረት ትግራይ

# ፕሮግራም

**(ንምይይጥ ዝቐረበ)**

ሚያዝያ 2017ዓ.ም

# ትሕዝቶ


መእተዊ ........................................................................ 1

1. ሽም ውድብ ........................................................................ 4

2. ናይ ስራሕ ከባቢ ........................................................................ 5

3. ራእይ ........................................................................ 5

4. ዕላማ ........................................................................ 5

**5.ሽቶታት** ........................................................................ 5

6.ፕሮግራም ........................................................................ 6

6.1 ፖለቲካዊ ፕሮግራም ........................................................................ 6

6.1.1 መፃኢ ዕድል ትግራይ ........................................................................ 7

6.1.2 መሰል ዜጋታት ........................................................................ 8

6.1.3 ኣብያተ ምኽሪ ........................................................................ 9

6.1.4 መንግስቲ ........................................................................ 9

6.1.5 ውድብን መንግስትን ........................................................................ 11

6.1.6 ውድባት ፖለቲካ ........................................................................ 11

6.1.7 ሚድያ ........................................................................ 12

6.1.8 ስርዓት ዳይነት ........................................................................ 12

6.2 ቁጠባዊ ፕሮግራም ........................................................................ 13

6.3 ማሕብራዊ ፕሮግራም ........................................................................ 18

6.4 ፕሮግራም ዝምድናታት ትግራይ ........................................................................ 21

6.5 ፕሮግራም ሰላም፣ ፀጥታን ድሕንነትን ........................................................................ 22

6.6 ፕሮግራም ሳይንስን ቴክኖሎጅን ........................................................................ 25

## መእተዊ

ልዕሊ ኣርባዕተ ሺሕ ዓመታት ልምድን ተመኲሮን ስርዓተ መንግስቲ ዘለዎ ህዝቢ ትግራይ ኣብ መዋእሉ ብዝገጠሞ ተደጋጋሚ ውድቀት ምኽንያት ምዕቡልን ምዕሩይን ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ናይ ምህናፅ ጉዕዞኡ ግሁድ ምግባር ኣብይዎ ክሳብ ሕዚ ኣብ ሰንከልከል ይርከብ። ብፍላይ ድሕሪ ሞት ሃፀይ ዮሃንስ ራብዓይ ዘሎ መዋእል ከዓ ሓሳረ መከራ ህዝቢ ትግራይ ካብ እዋን ናብ እዋን እናተጋደደን ህልውንኡ እውን ብተድጋጋሚ ኣብ ሕቶ እናኣተወን መፂኡ እዩ። እዚ ናይ ነዊሕ እዋን ናይ ስልጣነን ስነ ምሕድራን በዓል ዋና ዝኾነ ህዝቢ ኣብ መዋእሉ ብዙሓት ፈተናታት እናገጠሙዎን ኣብ ቅድሚኡ ንዝተገትሩ ዕንቅፋታት ብፅንዓት ንምሕላፍ ክብል ማእለያ ዘይብሉ ቃልሊ እናካየደን መሪር መስዋእቲ እናኸፍለን መፂኡ እዩ። ከም ህዝቢ ዳርጋ ናይ ተደጋጋሚ ተፈጥሮኣውን ብዙሓት ሰብ ስራሕን ሓደጋታት ቤት ፈተነ ኮይኑ እዩ ፀኒሑ።

ናይ ቀረባ እዋን ታሪኽ እንተርኢና’ኳ ህዝቢ ትግራይ ብስርዓት ሃይለስላሴ ብመንነቶም ምኽንያት ኮነ ከቢድ ማህሰይቲ ክብፅሖ ተገይሩ እዩ። እቲ ስርዓት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ንሕስያ ዘይብሉ ግፍዕን በደልን ምብፅሑ ስዒቡ ኣንፃር እቲ ስርዓት ብረቱ ከልዕል ተገዲዱ እዩ። ምንቅስቓስ ቀዳማይ ወያነ ትግራይ ናይዚ ህዝባዊ ዓመፅ መርኣይን መረጋገፅን እንትኾን ስኣን እኹል ምትሕብባርን

ዝተወደበ ምንቅስቓስን ሽቶኡ ከይወቕዐ ፈሺሉ ተሪፉ እዩ። ሃይለስላሴ ምስ መንግስቲ እንግሊዝ ብምልፋን ኣብ ልዕሊ ሓረስቶት ትግራይ ከቢድ መጥቃዕቲ ብምፍናው ኣብ ደቡባውን ደቡባዊ ምብራቕን ክፋል ትግራይ ተጀሚሩ ዝነበረ ወያነ ብዕሸሉ ክኹለፍ ገይሩ እዩ።

ኣብ መቓበር ሃፀያዊት ኢትዮጵያ ዝቦቖለ ስርዓት ድርግ እውን ልክዕ ከምቶም ቕድሚኡ ዝነበሩ ሰርዓታት ኢትዮጵያ ንህዝቢ ትግራይ ተወሳኺ ሰግኣትን ሓደጋን ሕዙ ብምምፅኡ ህዝቢ ትግራይ ብረቱ ኣልዒሉ ንመሰሉን ህልውንኡን ክብል መሪር ቃልስን ክቡር መስዋእትን ክኸፍል ተገዲዱ እዩ።

ድሕሪኡ ኣብ ኢትዮጵያ ዝተተኸለ ስርዓት ወያናይ ዴሞክራሲ እውን እንተኾነ ኣብታ ሃገር ርኡይ ለውጢ ምምፅእ ጀሚሩ ዝነበረ እኳ እንተኾነ ህዝቢ ትግራይ ንዝኸፈሎ መሰዋእቲ ዝምጥን ለውጢ ኣብ ምምፃእ ግን መሰረታዊ ጉድለት ዝነበአሮ እዩ።

ስምረት ህዝቢ ትግራይ ንዘበናት እናጓነፎ ዝመፅአ መንገዲ ቁልቁለት ብምዕጋት ምዕሩይትን ምዕብልትን ትግራይ ንምህናፅ ዘኽእል ሓቀኛ ሊበራላዊ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ብምህናፅ ሕድሕድ ትግራይዋይ ኮነ ሕድሕድ ከባቢ ትግራይ ንትግራይ ብማዕርነት ዘገልግለሉን ትግራይ ድማ ንኩሉ ትግራዋይ በዘይ ዝኾነ ዓይነት ኣፈላላይ ማዕረ ትኾነሉን

ድልዱል ማሕበረ ፖለቲካዊ ምህዳር ንምፍጣር ዓሊሙ ንቕድሚት ዝግስግስ ናይዚ ወለዶ ናይ ሓሳብ ውድብ እዩ።

ህዝቢ ትግራይ ኣብ መዋእሉ ዘመዝገቦም ዓወታት ብምዕቃብ ወለዶታት ትግራይ ብቐፃልነት እናተቐባበሉ ክመሃርሉ፣ ኣብዚ ከይዲ ዘጋጠሙና ታሪኻዊ ጉድለትን ስሕተታትን ብምእራም ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ኣብ ፅኑዕ መሰረት ናይ ምህናፅ ኣገዳስነት ስለዝኾነ ስምረት ፍሉይ ቆላሕታ ሂቡ ክሰርሓሉ እዩ።

ትግራይ ካብ ተደጋጋሚ ኩናት ክትወፅእን ካብ ዓንኬል ኩናትን ሳዕቤናቱን ክትላቐቕን በዘይምኽኣላ ህዝባ ንዘበናት ኣብ ሕሱም ድኽነትን ድሕረትን ክነብር ተገዲዱ እዩ። ስምረት ትግራይን ህዝባን ካብ ዓንኬል ኩናትን ሳዕቤናቱን ምንጋፍ ግዜ ዘይህብ ናይዚ ወለዶ ዓብይ ተልእኾ ገይሩ ክወስድን ንተፈፃሚነቱ እውን ክረባረብን እዩ።

ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ደርግ ኣብ ዝተፈተነ ፌዴራላዊ ዴሞክራስያዊ ስርዓት እውን እንተኾነ ህዝቢ ትግራይ ዴሞክራሲያዊ መሰላቱን ነፃነቱን ብተግባር ክረጋገፀሉ ኣይክኣለን። ህዝቢ ትግራይ ምእንተ ሰላምን ዴሞክራስን መሪር ተጋድሎን ክቡር መሰዋእትን ከፊሉ ንዓወት ዝበፅሐ ህዝቢ ድሕሪ ዓወት ግን ሰላምን ዴሞክራስን ስኢኑ፣ መሰላቱን ነፃነቱን ተዓፊኑ፣ ሰናይ ምምሕዳር ሓሪምዎ መመሊሱ ክጉህይን ከስተማስልን ተገዲዱ እዩ። ስምረት ኣብ ትግራይ ምዕሩይ ዴሞክራስያዊ ስርዓት

ብምህናፅ ተጠቃምነት ህዝቢ ትግራይ ብዝሓሸ ብርኪ ንምርግጋፅ ብሙሉእ ልቢ ክቃለሰሉ እዩ።

ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ኣብ ከቢድ ሕቶ ወዲቑ ይርከብ። ውድብ ስምረት ነቲ ኣብ ከቢድ ቅልውላው ኣትዩ ዘሎ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ናብ ንቡር ብምምላስ ኣብ ትግራይ ሓቀኛ ዴሞክራሲ፣ ፍትሒ፣ ሰናይ ምምሕዳር፣ ሰላምን ድሕንነትን ብምርግጋፅ ድኽነት ነበረያ ነበረ ንምግባር ዘይተሓላለ ቃልሲ ከካይድእዩ።

ስምረት ዕላማታቱ ንምዕዋት ኣብ ዝገብሮ ቃልሲ ሕገ መንግስታዊ ስርዓት ተኽቲሉ ፍፁም ሰላማውን ሕጋውን ብዝኾነ መንገዲ ጥራሕ ዝቃለስ እንትኾን ሓይሊ ከም ናይ ቃልሲ ኣማራፂ ንዝወስዱ ኣካላት ኣትሪሩ ይቃወምን ይነቅፍን። ህዝቢ ትግራይ ብረት ኣልዒሉ ዝቃለሰሉ ምዕራፍ ከምዘይምለስ ኮይኑ ክዕፀውን ድሕሪ ሕዚ ተመሊሱ ናብ ናይ ሓይሊ ኣማራፂ ከይኣቱን ብፅንዓት ምቅላስ ካብቶም መሰረታዊ ዓምድታት ስምረት ኮይኑ ብግልፂ ተነፂሩ ኣሎ።

## 1. ሽም ውድብ

እዚ ውድብ “ዴሞክራስያዊ ስምረት ትግራይ” (ብሓፂሩ “ስምረት”) ተባሂሉ ይፅዋዕ።

## 2. ናይ ስራሕ ከባቢ

ዋና ቤት ፅሕፈት ስምረት ኣብ ከተማ መቐለ ኮይኑ ኣብ ኩለን ከባቢታት ትግራይ እውን ጨንፈር ቤት ፅሕፈት ይህልዎ። ከከም ኣድላይነቱ ከዓ ኣዲስ ኣበባ ሓዊሱ ኣብ ኩለን ከባቢታት ኢትዮጵያን ንስራሕቱ ኣገደስቲ ኣብ ዝኾኑን ብዙሕ ትግራዋይ ኣብ ዝርከበሎምን ከባቢታት ዓለምን ጨንፈራትን ቻፕተራትን ክህልዉዎ እዩም።

## 3. ራእይ

ኣብ ከባቢኣን ኣብ ዓለምለኻዊ መድረኻትን ዝሓሸ ተደማፅነት ዘለዋ ምዕሩይትን ምዕብልትን ዴሞክራስያዊት ትግራይ ተሃኒፃ ምርኣይ

## 4. ዕላማ

ስትራቴጂያዊ ዕላማ ስምረት ዝተማልአ ሊበራል ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ብምህናፅ ብኢኮኖምን ቴክኖሎጅን ዝማዕበለት ምዕሩይትን ዓርሳ ናይ ምምሕዳር መሰላ ብዝለዓለ ብርኪ ዝተሓለወላን ዴሞክራስያዊት ትግራይ ምርግጋፅ እዩ።

## 5.ሸቶታት

1. ሕገ መንግስታዊ መሰልን ነፃነትን ዜጋታት ሙሉእ ብሙሉእ ዘረጋግፅ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ምህናፅ፣

2. ትካላትን ትካላዊነትን ብምህናፅን ትካላት ዴሞክራሲ ብምጥንኻርን ተጠቃምነት ህዝቢ ትግራይ ብዝሓሸ ብርኪ ምርግጋፅ፣
3. ህዝቢ ትግራይ ባዕሉ ንባዕሉ ናይ ምምሕዳር መሰሉ ብዝሓሸ ብርኪ ንምፍፃም ዘኽእሎ ምዕሩይ ስርዓት ምፍጣር፣
4. ታሪኽን ቅያን ህዝቢ ትግራይ ምዕቃብን ኣብ መዋእል ትግራይ ዘጋጠሙ ጉድለታት ብምእራም ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ምጥንኻር፣
5. ብሳይንስን ቴክኖሎጅን ተወዳዳራይ ዝኾነ ወለዶ ትግራይ ምህናፅ፣
6. ዕዳጋ ዝመርሖ ኢኮኖሚ ብምጥንኻር ድኽነት ኣወጊዳ ዓርሳ ዝኽኣለት ምዕቡልቲ ትግራይ ምህናፅ።

## 6.ፕሮግራም

ፕሮግራማት ስምረት እቲ ፓርቲ ዘነፀሮ ዕላማ ንምዕዋት ዘኽእሉ ኮይኖም ሽዱሽተ መሰረታዊ ዓንድታት ዝሓዘ እዩ። ንሶም ድማ ፖለቲካዊ፣ ቁጠባዊ፣ ማሕበራዊ፣ ጉዳያት ወፃእን ዲፕሎማስን፣ ወታደራውን ድሕንነትን ከምኡ እውን ሳይንስን ቴክኖሎጅን እዮም።

### 6.1 ፖለቲካዊ ፕሮግራም

ስትራቴጂያዊ ፖለቲካዊ ፕሮግራም ስምረት ኣብ ነፃ ውድድር ዝተመስረተን ልዑል ናይ ዜጋታት ተሳትፎ ዘረጋግፅን ሊበራል

ዴሞክራስያዊ ስርዓት ኣብ ትግራይ ክዕምብብ ምቅላስ ይኸውን። እዚ ንምግባር ድማ ፕሮግራሙን ፖሊሲታቱን ንዜጋታት ብምፍላጥን ብምስራፅን ዓርሱ ንመስርሕ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ተገዛኣይ ገይሩ በቢእዋኑ ኣብ ዝካየዱ መረፃታት እናተሳተፈ መንግስታዊ ስልጣን ንምሓዝ ዘኽእሎ ዝርዝር ፖለቲካዊ ፕሮግራም ሓንፂፁ ንተግባራዊነቱ ብቆራፅነት ክቃለስ እዩ።

### 6.1.1 መፃኢ ዕድል ትግራይ

1. ንዘበናት ኣብ ኢትዮጵያ ሱር ሰዲዱ ዝነበረ ኣሃዳኣዊ ስርዓት መሰልን ረብሓን ህዝቢ ትግራይ ዓፊኑ ኣብ ልዕሊ ትግራይን ህዝባን ማእለያ ዘይብሉ ግፍዒ ክፍፅም ምፅንሑ ዝፍለጥ እዩ።
2. ድሕሪ ውድቀት ደርግ ዝተተኽለ ስርዓት ፌዴራሊዝም እውን ድሕንነት ህዝቢ ትግራይ ከውሕስ ይትረፍ ኣብ ልዕሊ ትግራይን ህዝባን ማእለያ ዘይብሎም ግፍዕታትን በደላትን ካብ ምፍፃም ክከላኸል ኣይክኣለን።
3. ኣሃዳውን ፌዴራላውን ስርዓታት መሰል ህዝቢ ትግራይ ከረጋግፁ ስለዘይክኣሉ ትግራይ ካብ ኢትዮጵያ ተነፂላ ሃገር ትኹን ከይበሃል ከዓ ኣብ መዋእልና ዘፍረናዮም ኩለመዳያዊ ምትእስሳራት ብሓደ ግዜ ራሕሪሕካ ምኻድ እውን ውሕሉልነት ብዘይምኳን፤ እዚ ድማ ኣማራፂ መሰልን ረብሓን ህዝቢ ትግራይ ብዝሓሸ ብርኩ ናይ ምርግጋፅ ትኽእሎ ስለዘይብሉ ስምረት ዝድግፎ ኣማራፂ ኣይኮነን።

4. እዞም ተቓርኖታት እዚኦም ብምውጋድ ዘላቒ ህልውና ህዝቢ ትግራይ ውሑስ ንምግባር ሓዲስ ቅዲ ምሕደራ ንምትእትታው ኣንፈት ቃልሲ ትግራይን ህዝባን ዳግም ርኢኻ ንተግባራዊነቱ ብሕጋውን ሰላማውን መንገዲ ምቅላስ ግድን ኮይኑ ኣሎ።
5. ትግራይ ኣካል ኢትዮጵያ ኮይና ግን ድማ መሰል ዓርሰ ውሳንኣ ብዝለዓለ ብርኪ ዝረጋገፀላ ስርዓትን እንታይነቱን ብዝምልከት ብህዝበ ውሳነ ህዝቢ ትግራይ ንክፍፀም ሕጋውን ሰላማውን ቃልስና ኣጠናኺርና ክንቕፅል ኢና።

### 6.1.2 *መሰል ዜጋታት*

1. ኩሉ ዜጋ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ ምዃኑን ማዕረ ሕጋዊ ውሕስና ምህላውን ብተግባር ምርግጋፅ፣
   1.1 ንማዕርነት ደቂ ኣንስትዮ ብምቅላስን ብዝኾነ መንገዲ ከይሸርሸር ብምስራሕን ፖለቲካዊ ተሳትፎአን ምርግጋፅ፣
   1.2 መሰል ፍሉይ ድጋፍ ዘድልዮም ክፋላት ማሕበረሰብ ንምርግጋፅ ዘኽእል ኣንፈት ሓንፂፅካ ምትግባር፣
2. ዜጋታት ኣብ ሕገ መንግስቲ ትግራይን ፌዴሪኢን ዝተረጋገፀሎም ሰብኣውን ዴሞክራስያውን መሰልን ነፃነትን ከይተሸራረፉ ክትግበሩን ብቐፃልነት ክምዕብሉን ምግባርን ምቅላስን፣
3. መሰልን ነፃነትን ዜጋታት ዝግድብ ዝኾነ ዓይነት ፖለቲካዊ ምንቀስቓስ ከይፍጠር ምስራሕን ብፅንዓት ምቅላስን።

4. ዝኾነ ዜጋ መሰላቱ ብሕጋዊ መንገዲ ክሳብ ዘይተኣገደ ኣብ ዝኣመነሉ ውዳበ ክውደብ፣ ሓሳባቱ ብነፃነት ከቕርብ፣ እምነታቱ ምስ ካልኦት መሰላቱ ኮይኑ ክዝትን ክመያየጥን ዘኽእል ጥጡሕ ባይታ ምፍጣር።

### 6.1.3 ኣብያተ ምኽሪ

1. ኣብያተ ምኽሪ ብሕገ መንግስቲ ትግራይን ፌዴሪኢን ዝተወሃበን ተግባርን ሓላፍነትን መሰረት ገይረን ብነፃነት ክስርሓ ምግባር፣
2. ኣባላት ኣብያተ ምኽሪ ሕገ መንግስታዊ ሓላፍነቶም ብዝዝግባእ ምእንቲ ክዋፅኡ ምስተመረፁ ካብ ዝኾነ ፖለቲካዊ ተፅዕኖ ነፃ ኮይኖም ብናይ ኣብያተ ምኽሪ ኣሰራርሓታትን መምርሕታትን ጥራሕ ክኸዱ ሙሉእ ነፃነት ምሃብ፣
3. ዜጋታት ኣብ ተወከልቶም እምነት ስኢኖ ኣብ ዝበልሉ እዋን ተወከልቶም ከልዕሉ ዘኽእሎም ዝተማልአ መሰልን ነፃነትን ይህልዎም።

### 6.1.4 መንግስቲ

1. ድልዱል ሕገ መንግስታዊ ስርዓት ምህናፅ፣
2. መንግስታዊ ስልጣን ብሕጊ መሰረት ብዝካየድ መረፃ ኣቢልካ ጥራሕ ዝተሓዝ እንትኾን ካብ መንግስታዊ ስልጣን ዝውረድ እውን ብተመሳሳሊ መሰሪሕ ይኸውን፣

3. መንግስቲ ብሕገ መንግስቲ ትግራይን ፌዴሪኢን ዝተወሃቦ ስራሕን ሓላፍነትን ከምኡ ድማ ኣብ ዓለም ለኻዊ ሕግታት ንመንግስታት ዝተቐመጡ ግቡኣትን ብዝግባእ ክፍፅም ምግባር፣
4. በቢብርኩ ዘሎ መሓውር መንግስቲ መደባቱን ኣፈፃፅምኦምን ንህዝቢ ግልፂ እናገብረ ዝኸደሉ ምዕሩይ ስርዓት ምህናፅ፣
5. መንግስቲ ንኩሎም ውድባት ፖለቲካ ብማዕረ ከገልግልን ንኩሎም ማዕረ ናይ ሕጊ ውሕስና ክህብን ምግባር፣
6. ሕጊ መውፅኢ፣ ሕጊ ፈፃምን ሕጊ ተርጓምን ብሕገ መንግስቲ ተነፂሩ ዝተውሃቦም ስልጣንን ተግባርን ብዝተማልአ መንገዲ ንክፍፅሙ ዘኽእሎም ምዕሩይ ኩነታት ምፍጣር፤ ሕድሕዶም ሕገ መንግስታዊ ነፃነቶም ሓሊዮም ግን ድማ ሓደ ነቲ ካልእ ዝቆፃፀረሉን ዝድግፈሉን መስሪሕ ኣጥቢቐም ክፍፅሙ ምግባር፣
7. ኣብ ዝኾነ ብርኪ ዝሸየም ናይ መንግስቲ ኣመራርሓ ሞያዊ ብቕዓቱ፣ ፖለቲካዊ ስብእንኡን ህዝባዊ ተቐባልነቱን ዝተኣመነሉ ምግባር፤
8. ሰራሕተኛ መንግስቲ ብውፅኢት ስራሑ ጥራሕ ኣብ መንግስቲ ዝቕፅለሉ ስርዓት ቀሪፅካ ብፅኑዕ ዲስፕልን ምትግባር።

### 6.1.5 *ውድብን መንግስትን*

1. ስራሕቲ ውድብን መንግስትን ዝተፈላለዩ ይኾኑ፤ ክልቲኦም ኣብ ምንታይ ይሓብሩ ኣብ ምንታይ ድማ ይፈላለዩ ዝብል ብግልፂ ተነፂሩ ይቕመጥ፣
2. ኣብ መንግስታዊ ቦታ ተመዲቡ ዝሰርሕ ኣብ ዝኾነ ብርኪ ዝርከብ መሪሕነት ንናይ መንግስቲ ሕግን ስርዓትን ኣኽቢሩ ክሰርሕ ምግባር፣
3. ኣብ ስራሕቲ ውድብ ዝተመደበ ዝኾነ ዓይነት ኣመራርሓ ናይ መንግስቲ ሃፍቲ ከይጥቀም ምኽልካል፣
4. ኣብ ናይ መንግስቲ ናይ ስራሕ ቦታን ስዓትን ናይ ዝኾነ ፖለቲካዊ ውድብ ስሩዕን ዘይስሩዕን ኣኼባታት ከይካየዱ ምክልኻል።

### 6.1.6 *ውድባት ፖለቲካ*

1. ዜጋታት ኣብ ዝኣመንሉ ፖለቲካዊ ውድብ ናይ ምስታፍ መሰሎም ከይተሸራረፈ ክትግበር ምቅላስ፣
2. ብሰላማዊ፣ ሕጋውን ዲሞክራሲያውን መንገዲ ዝወዳደሩ ውድባት ፖለቲካ ብነፃነት ክንቀሳቐሱን ዜጋታት ዝተፈላለዩ ኣማራፅታት ረኺቦም ይረብሓኒ ንዝብልዎ ፖለቲካዊ ውድብ ብዴሞክራስያዊ መንገዲ ናብ ስልጣን ዝደይብሉ ምዕሩይ ዴሞክራስያዊ ባይታ ምፍጣር፣
3. ውድባት ፖለቲካ ሓሳባቶም ብነፃነት ዘቕርብሉ፣ ኣባላቶም ብነፃነት ዝምልምልሉን ዝሃንፅሉን ምዕሩይ ፖለቲካዊ ባይታ ምፍጣር።

### 6.1.7 ሚድያ

1. ሚድያታት ትግራይ መሰረታዊ ረብሓታት ህዝቢ ትግራይ ማእኸል ገይረን ንክሰርሓ ዘኽእለን ኩለመዳያዊ ድጋፍ ምሃብ፣
2. ሚድያታት ዝተማልአ ነፃነት ንክህልወን ኣብ ናይ ህዝብን መንግስትን ሚድያታት ዝሰርሑ ጋዜጠኛታት ናይ ዝኾነ ፖለቲካዊ ውድብ ኣባላት ከይኾኑ ምኽልካል፣
3. ሚድያታት ሞያዊ ነፃነተን ኣኽቢረን ዝሰርሓሉ ዝተማልአ ዴሞክራሲያው ምህዳር ምፍጣር፣
4. ሚድያታት ብሕግን ስርዓትን ኣኽቢረን ክሳብ ዝተንቀሳቐሳ ካብ መንግስቲ ይኹን ካብ ካልእ ሳልሳይ ወገን ኢድ ኣታውነት ሓራ ክኾና ምግባር፣
5. ሚድያታት ዴሞክራሲያ ስርዓት ንክዕምብብ ዘኽእል ማእኸል ዓውደ ሓሳባትን ክትዓትን ክኾና ምሕጋዝ።

### 6.1.8 ስርዓት ዳይነት

1. ስርዓት ዳይነት ኣብ ሕገ መንግስቲ ትግራይን ፌዴሪኢን ዝተቐመጡ መሰረታዊ ዕማማት ንምፍፃም ዘኽእሎ ሞያዊ ነፃነትን ስልጣንን ክውንን ምግባር፣
2. ሰብ ሞያን ክኢላታትን ኣብያተ ፍርዲ ንሕገ መንግስቲ ተኣመንትን ተገዛእትን ክኾኑ ምስራሕ፣
3. ስርዓት ዳይነት ካብ ዝኾነ ይኹን ተፅዕኖ ሳልሳይ ወገን ፍፁም ነፃ ምግባር፣

4. ስርዓት ዳይነት ስሉጥን ስልጡን ክኾን ምቅላስ፣
5. ብቕዓት ዳያኑ ብቐፃልነት ንምምሕያሽ ዘኽእል ስርዓት ህንፀት ዓቕሚ ዘርጊሕካ ምፍፃም።

## 6.2 ቁጠባዊ ፕሮግራም

ስትራቴጅያዊ ፕሮግራም ቁጠባ ስምረት ዝተማልአ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ብምህናፅ ቁጠባ ትግራይ ኣብ ነፃ ውድድር ዝተምስርተን ኩሉ ዜጋ ብማዕርነት ዝወዳደረሉን ምዕሩይ ናይ ፖሊሲን ናይ ሕግን ማዕቐፍ ብምሕንፃፅ፣ ኣብ መንጎ ገጠርን ከተማን ዝርአ ቁጠባዊ ፍልልይ ብቐፃልነት ክፀቢብ ብምግባርን ከተማነት ብምቅልጣፍን፣ ቁጠባ ትግራይ ብቐፃልነት ብምዕባይን ብምምዕባልን ሕድሕድ ዜጋ ካብቲ ቁጠባዊ ዕብየት ፍትሓዊ ተጠቃሚነቱ ምርግጋፅ እዩ። እዚ ስትራቴጂ ንምዕዋት ዝስዕቡ ዝርዝር ፕሮግራማት ይህልዉ።

1. ኣብ ነፃ ውድድር ዝተመስረተ ዕዳጋ ዝምርሖ ኢኮኖሚ ምህናፅ፣
2. ብቑጠባ ዓርሳ ዝኽኣለት ትግራይ ብምህናፅ ዜጋታት ኣብ ዓዶም ተረጋጊዖም ዝነብርሉ ምዕሩይ ኩነታት ምፍጣር፣
3. ንፁራት ናይ ገጠርን ከተማን ስተራቴጂታት ብምሕንፃፅ ቁጠባ ትግራይ ብቐፃልነት ክዓብን ክምዕብል ምስራሕ፣
   3.1 ከተማታት ትግራይ ንነበርተንን በፃሕቲ ዓድን ምቹዋት ንምግባር ስርዓት ከተማነትን ካብ ገጠር ናብ ከተማ ዝግበር ስግግርን ዝመርሕ ዓርሱ ዝኽኣለ ፖሊሲ ምሕንፃፅ፣

3.2 ናይ ገጠር መንደራት ዝምርሓሉ ዓርሱ ዝኽኣለ ንፁር ፖሊሲ ሓንፂፅካ ምትግባር፣

4. ቁጠባ ትግራይ ብኣውርኡ ዕዳጋ ዝመርሖን ብዘላቕነት ድማ ከተማነት ዝዓብልሎን ክኾን ምቅላስ፣

   4.1 ሰብ ሃፍቲ ኣብ ዓውደ ኢንዱስትሪ ወሳናይ ግደ ክፃወቱ ምግባር፣

   4.2 ኢንዱስትሪ ትግራይ ብኣውርኡ ሰደድ ዝመርሖ ኮይኑ ካብ ሓፂር ግዜ ኣንፃር ግን ካብ ወፃኢ ዝመፅእ ምህርቲ ዝትክእ ክኾን ምግባር፣

   4.3 ኢንዱስትሪ ትግራይ ምስ ናይ ወፃኢ ሰብ ሃፍቲ ብምትእስሳር ብፅሬቱ ተወዳዳራይ ምግባር፣

   4.4 ማእድናት ትግራይ ግቡእ ትኹረት ክረኽቡን ኣብ ቁጠባ ትግራይ ዝህልዎም ብፅሒት ብቐፃልነት ንምምሕያሽን ምስራሕ፣

5. ናይ ዲያስፖራ ተጋሩ ኩለመዳያዊ ዓቕሚ ብምትእኽኻብን ብምውዳብን ኣብ ምዕባለ መፃኢት ትግራይ ኣወንታዊ ግደ ክህልዎ ብስርዓት ምምራሕ፣

6. ናይ ውሽጢ ዓድን ናይ ደገን ሰብ ሃፍቲ ኣብ ቁጠባ ትግራይ ወሳናይ ተራ ክፃወቱ ዘኽእሎም ምዕቡልን ምዕሩይን ፖሊሲ ዘርግሕኻ ምትግባር፣

7. ሕርሻ ትግራይ ንዘበናት ካብ ዝተኣሰረሉ ባህላዊ ኣሰራርሓ ወፂኡ ብቐፃልነት ክዝምንን ክምዕብልን ምግባር፣ ነዚ ዘሳልጡ ስትራቴጂያዊ ማእኸላት ምርምርን ቴክኖሎጅን ሕርሻ ክጣየሹ ምቕላስ፣

   7.1 ሕርሻ ትግራይ ኣብ ኀቦታት ዘተኩርን ከባቢያዊ ፀጋታት ማእኸል ክገብርን ምቕላስ፣

   7.2 ኣብ መንጎ ከባቢታት ትግራይ ቁጠባዊ ምትእስሳር ዘደንፍዕ ሕርሻ ክኾን ምስራሕ፣

8. ናይ ገጠር መሬት ብመሰረት ሕገ መንግስቲ ዝመሓደር ኮይኑ ብውልቀ፣ ብህዝብን ብመንግስትን ይተሓዝ፣

   8.1 ሓረስታይ ትግራይ ንሕርሻን መንበርን ዝኾን መሬት ሓደ ግዜ ብነፃ ይረክብ፣

   8.2 ቁሸታትን መንደራትን ትግራይ ብሓባር ዝጥቀማሉ ናይ ሓባር ደኒን ሕዛእትን መሬት ሓደ ግዜ ብነፃ ይረኽባ፣

   8.3 መንግስትን ውልቀ ሰብ ሃፍትን ዝውንኑዎ ናይ ገጠር መሬት ብዕሊ ተነፂሩ ክቕመጥ እዩ፣

   8.4 ብመንግስቲ ዝተሓዝ መሬት ብኣውርኡ ብሄራዊ ረብሓ ንዘለዎም ዓበይቲ መሰረተ-ልምዓትን ማሕበራዊ ግልጋሎታትን፣ ንደኒ፣ ንግድባት፣ ንማእኸላት ምርምርን ቱሪዝምን ይኸውን፣

9. ናይ ከተማ መሬት ብመሰረት ሕገ መንግስቲ ዝመሓደር ኮይኑ ተጠቃምነት ዜጋታትን ልምዓትን ንምጥዕዓም ብዝሕግዝ መንገዲ ብስርዓት ሊዝ ይመሓደር፣

   9.1 ኩሉ ንዓቕመ ኣዳም/ሄዋን ዝበፅሐ ነባሪ ከተማ ኣብ ትግራይ ብስርዓት ሊዝ መሰረት ሓደ ግዜ ጥራሕ ንመንብሪ ዝኾን መሬት/ኣፓርትመንት ክረክብ ምግባር፣

   9.2 ትሑት መነባብሮ ዘለዎም ነበርቲ ከተማ ብተመጣጣኒ ክራይ መንበሪ ኣባይቲ ዝረኽብሉ ስርዓት ምዝርጋሕ፣

10. ቱሪዝም ትግራይ ካብ ኢንዱስትርን ሕርሻን ቐፂሉ ሳልሳይ ብርኪ ትኹረት ክረክብ ብምግባር ኩሎም ፀጋታት ቱሪዝም ግቡእ ጠመተ ተዋሂብዎም ኣብ ቁጠባ ትግራይ ግቡእ ግደ ክፃወቱ ምስራሕ፣

11. ዘፈራት ቁጠባ ትግራይ ነንባዕሎም ክደጋገፉን ክተእሳሰሩን ዘኽእሎም ሓበራዊ ምውዳድ ንክህልዎ ምሕጋዝ፣

   11.1 ኩሎም ከባቢታት ትግራይ ቁጠባዊ ምትእስሳር ክህልዎምን ኣብ መንጎኦም ምዕሩይን ምዕቡልን እንካ ሃባ ክፍጠርን ምግባር፣

12. ብውልቀ ሰብ ሃፍቲ ኣብ ዘይድፈሩ ነገር ግን ስትራቴጂያዊ ረብሓ ኣብ ዘለዎም ዓውድታት ቁጠባን መሰረተ-ልምዓትን መንግስቲ ንዝተወሰነ እዋን ጥራሕ መዋእለ ንዋዩ የፍስስን ኢንቨስት

ይገብርን፤ ሰብ ውልቀ ሃፍቲ ናብቲ ዘርፊ እንትኣትዉ ድማ ቀልጢፉ ካብቲ ዓውዲ ዝወፅአሉን መስሪሕ ምኽታል፣

13. ናይ ፋይናንስን ኢንሹራንስን ትካላት ብውልቀ ወይ ብመንግስቲ፣ ወይ ከዓ ብመንግስትን ብውልቀ ሰብ ሃፍትን ብሓባር ዝውነና ኮይነን ስራሕተን ኣብ ምዕሩይን ፅፉፍን ውድድር ዝተመስረተ ይኸውን፣

14. ትግራይ ምስ ኩሎም ጎረባብታ ምዕሩይን ምዕቡልን ቁጠባዊ ምትእስሳር ክህልዋን ካብዚ ምትእስሳር ፍትሓዊ ተጠቃሚት ክትኾንን ምስራሕ፣

    13.1 ቁጠባ ትግራይ ምስ ዓለማዊ ምትእስሳራት ተዛሚዱን ተዋዲዱን ክኸይድ ምግባር፣

15. ናይ መንግስቲ ናይ በጀት ድጎማ ግልፂ፣ ፍትሓውን ተገማታይን ብዝኾነ መስሪሕ ንኣብያተ-ዕዮ ትግራይ፣ ወረዳታትን ከተማታትን ዝከፋፈለሉ ስርዓት ምዝርጋሕ፤ ኣብ ዝተናውሐ ግዜ ድማ ወረዳታትን ከተማታትን ትግራይ ብበጀት ዓርሰን ዝኽእላሉ ኣንፈት ምኽታል፣

16. ኣብ ገጠርን ከተማን ምዕሩይ ኣጠቓቕማ ማይ ንክህሉ ዘኽእል ዘበናዊ ናይ ማይ ኔትዎርክ ብምዝርጋሕ ፀገም ማይ ትግራይ ንሓንሳዕን ንሃዋሩን ምፍታሕ፣

17. ተወዳዳራይ ዝኾነ ዘበናዊ ስርዓት ንግዲ ብምህናፅ መንግስቲ ዝእክቦ ግብሪ ብቐፃልነት ክዓብን ተገማታይ ክኾንን ምስራሕ፣
18. ሃፍቲ ተፈጥሮ ትግራይ ብዘላቕነት ክመሓየሽን ዝለዓለ ረብሓ ክህብን ምግባር፣
19. ሓምለዋይ ኣማራፅታት ብዝግባእ ብምጥቃም ቀረብ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ትግራይ ብቐፃልነት ክዓብን ኣብ ምዕባለ ትግራይ ርኡይ ግደ ክፃወትን ምስራሕ፣

## 6.3 ማሕብራዊ ፕሮግራም

ማእኸል ስሕበት ስትራቴጂያዊ ማሕበራዊ ፕሮግራም ውድብ ስምረት ስጡም ሓድነት ዘለዋ ምዕሩይን ምዕቡልን ህዝቢ ትግራይ ምፍጣር እንትኾን እዚ ንምፍፃም ድማ ዝስዕቡ ዝርዝር ፕሮግራማት ይህልዉዎ።

1. ብፅሬቱ ተወዳዳራይ ዝኾነ ስርዓተ ትምህርቲ ብምዝርጋሕ ተጋሩ ኣብ ኩሎም ኩርናዓት ዓለም ንምውድዳር ዘኽእሎም ዓቕሚ ክፈጥሩ ምስራሕ፣

1.1 ገጠራትን ከተማታትን ትግራይ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ብእኹል ክዝርጋሕ ምስራሕ፣

1.2 ማሕበረ ቁጣባዊ ኩነታት ትግራይ ብመሰረቱ ክሳብ ዝልወጥ ዜጋታት ቀዳማይን ካልኣይን ብርኪ ትምህርቶም ብነፃ ክረኽቡ

ምስራሕ፤ ናብ ኮሌጃትን ዩኒቨርስታትን እንትሓልፉ ግን ወፃኢኦም ባዕሎም ክሸፍኑ ይግበር፣

1.3 ከተማታት ትግራይ ኮሌጃትን ናይ ስልጠና ማእኸላትን ክህልወንን ዜጋታት ናይ ምምሃር ዕድሎም ብቐፃልነት ክሰፍሕን ምግባር፣

1.4 ዩኒቨርስታት ሙሉእ ነፃነት ሃልዩወንን ካብ ዝኾነ ፖለቲካዊ ተፅዕኖ ዝተናገፋን ማእኸል ትኹረተን ባዕለን ዝንፅራሉን ተውዳዳራይነተን ዘዕብያሉን መስሪሕ ምዝርጋሕ፣

1.5 ሰብ ሃፍቲ ኣብ ዓውደ ትምህርቲ ንክነጥፉ ዘኽእል ምችው ባይታ ምፍጣር፣

2. ጥዕና ህዝቢ ትግራይ ብዘላቕነት ዘውሑስ ኣብ ምክልኻል ዝተመስረተ ስርዓት ጥዕና ምዝርጋሕ፣

2.1 ኩለን ቁሸታት ትግራይ ማእኸላት ጥዕና ክህልወን ዘኽእል ናይ ሓደ እዋን ዝተማልአ ድጋፍ ምግባርን ብዘላቕነት ግን ዓርሰን ዝኽእላሉ ኣንፈት ምኽታልን፣

2.2 ኩለን ጣብያታት ትግራይ ክሊኒክ ክህልወን ዘኽእል ናይ ሓደ እዋን ዝተማልአ ድጋፍ ምግባርን ብዘላቕነት ግን ዓርሰን ዝኽእላሉ ኣንፈት ምኽታልን፣

2.3 ኩለን ወረዳታትን ከተማታትን ትግራይ መባእታዊ ሆስፒታል ክህልወን ዘኽእል ናይ ሓደ እዋን ዝተማልአ ድጋፍ ምግባርን ብዘላቕነት ግን ዓርሰን ዝኽእላሉ ኣንፈት ምኽታልን፣

2.4 ተመሓላለፍቲ ሕማማት ንምክልኻልን ምቁፅፃርን ዘኽእል ፖሊሲ ሓንፂፅካ ምትግባር፣

3. ሰብ ሃፍቲ ኣብ ህንፀትን ግልጋሎትን ትካላት ጥዕና ወሳናይ ግደ ምፅዋት ዘኽእሎም ምሩፃይ ባይታ ምፍጣር፣

4. መሰል፣ ነፃነትን ግቡእን ሰራሕተኛታት ምሕላው፣

4.1 ንማዕረ ስራሕ ማዕረ ክፍሊት ክህሉ ምግባር፤ ኣብዚ መዳይ ዝኾነ ዓይነት ኣፈላላይ ከይህሉ ምስራሕ፣

4.2 ክፍሊትን ዕብየትን ሰራሕተኛታት መንግስቲ ኣብ ውድድርን ውፅኢትን ጥራሕ ዝተመስረተ ይኸውን፣

4.3 ሰራሕተኛታት መንግስትን ውልቀን ኣብ ተመሳሳሊ ዕድመ መሰል ጡረታ ይህልዎም፣

4.4 ናይ ሰራሕተኛታት ናይ ምውዳብ መሰሎም ምሕላው፣

5. ማዕርነት ደቂ ኣንስትዮ

5.1 ምስ ደቂ ተባዕትዮ ማዕረ ንብረት ናይ ምጥራይ፣ ምውናንን ናብ ሳልሳይ ወገን ናይ ምምሕልላፍን መሰል ይህልወን፣

5.2 ኣብ ማዕረ ስራሕ ምስ ደቂ ትባዕትዮ ማዕረ ክፍሊት ይህልወን፣

5.3 ኣብ እዋን ጥንስን ወሊድን ክፍሊተን ከይተቛረፀ ዕረፍቲ ናይ ምርካብ ምሰል ክህልወን ምግባር፣

6. መሰል ፍሉይ ድልየት ዘለዎም ዜጋታት

6.1 ጉድኣት ኣካልን ካልኦት ፍሉይ ድልየት ዘለዎም ዜጋታትን ፖለቲካዊ ተሳትፎኦምን ማሕበራዊ ተጠቃምነቶምን ምርግጋፅ ዘኽእል ስርዓት ምዝርጋሕ፣

7. ቁሸታት፣ ጣብያታት፣ ወረዳታትን ከተማታትን ዓቕመን ብዝፈቕዶ ልክዕ ማእኸል መዘናግዒ መናእሰይን መሐብሐቢ ሰብ ፀጋ ዕድመን ንክህልወን ዘኽእል ድጋፍ ምግባር።

## 6.4 ፕሮግራም ዝምድናታት ትግራይ

ስትራቴጂያዊ ፕሮግራም ዝምድናታት ስምረት መሰረታዊ ረብሓታት ትግራይ ዘረጋግፅ፣ ሰላምን ምርግጋዕን ዘውሕስ፣ ኣብ ኢኮኖምን ቴክኖሎጅን ማእኸል ዝገበረን ኣብ ማዕርነትን መስርሕ ኢንካ ሃባ ዝተምስረተን ርክባት ምጥንኻር እዩ። እዚ ንምፍፃም ዝስዕብ ዝርዝር ፕሮግራም ተሓንፂፁ ኣሎ።

1. ሰላምን ዲሞክራስን ዘስፍንን ዘላቕነቱ ዘውሕስን፣ ቅልጡፍ ኢኮኖምያዊ ዕብየት ዘርጋግፅ፣ ቴክኖሎጅያዊ ምዕባለን ስግግርን ዘምፅእ ክኾን ምቅላስ፣
2. ሰላምን ድሕንነትን ንምርግጋፅ ዝግበሩ ዓለም ለኻውን ከባቢያዊ ፃዕርታት ምድጋፍን ከከም ኣድላይነቱ ምስታፍን፣
3. ኣብ ናይ ካልኦት ክልላት/ሃገራት ውሽጣዊ ጉዳያት ጣልቃ ዘይምእታው፣

4. ንናይ ህዝቢ ንህዝቢ ርክባት ፍሉይ ቆላሕታ ምሃብ፤ ትኹረት ናይዚ ርክብ ኣብ ሰላም፣ ቁጠባን ምዕባለ ቴክኖሎጅን ከተኩር ምግባር፣
5. ኣብ ትግራይ ናይ ወፃኢ ኢንቨስትመንት ንምስፋሕፋሕ ዘኽእል ፍሉይ ትኹረት ሂብካ ምስራሕ፣
6. ኣብ ማዕርነት፣ ምክብባር፣ ምድግጋፍን ሓበራዊ ረብሓታትን ዝተመስረተ ርክባት ምጥንኻር፣
7. ማሕበረሰብ ዓለም ብዛዕባ ታሪኽ፣ ክብርታትን ባህግን ህዝቢ ትግራይ ዝሓሸ ግንዛቤ ክህልዎን ክድግፍን ምቕላስ፣
8. መስሕባት ቱሪዝም ትግራይ ኣብ ዓለም ለኻዊ መድረኻት ዝሓሸ ትኹረት ብምርካብ ብምስራሕ ፍልፍል እቶትን ቁጠባዊ ረብሓን ክኾን ምስራሕ።

## 6.5 *ፕሮግራም ሰላም፣ ፀጥታን ድሕንነትን*

ስትራቴጂያዊ ፕሮግራም ፀጥታን ድሕንነትን ስምረት ዘላቒ ስላምን ምርግጋዕን ብምርግጋፅ መሰረታዊ ረብሓታት ህዝቢ ትግራይ ውሑስ ምግባር እዩ። እዚ ንምግባር ድማ ዝስዕቡ ዝርዝር ፕሮግራማት ይህልዉ።

1. ንሕገ-መንግስቲ ብውነ ዝተረድአን ብልቢ ዝተቐበለን፣ ንልዕልነት ህዝብን መሰረታዊ ረብሓታትን ትግራይ ኩሉ ዓይነት መስዋእቲ ንምኽፋል ድሉውነት ዘለዎ፣ ተፃብኦ ንምክልኻል ዝተማልአ ብቕዓት ዘለዎ ሓይሊ ፀጥታ ምህናፅ፣

2. ስግኣት ትግራይን ሃገርን ንምምካት ዘኽእል ሙሉእ ድሉውነት ዘለዎ፣ ዝሓሸ ብቕዓትን ፅሬትን ዝወነነን ንተልእኾኡ ዝምጥን ኣወዳድባ ዘለዎን ዘበናዊ ሓይሊ ፀጥታን ድሕንነትን ምህናፅ፣
3. ኣብ ተልእኾኡ ዝተማልአ ርድኢት ዘለዎ፣ ንተልእኾኡ ዝምጥን ብቕዓትን ልዑል ስነ ምግባርን ዝወነነ፣ ሞያዊ ብቕዓቱን ድሉውነቱን ብቐፃልነት እናመሓየሸ ዝኸይድ፣ ምስ ዘበናዊ ቴክኖሎጅን ኣሰራርሓታትን ዝተላለየ ስልጡን ሓይሊ ፀጥታ ክህሉ ምቕላስ፣
4. ኣብ ልዕሊ ትግራይ ዘነፃፅሩ ናይ ሓይሊ ፅዕንቶታት ብርሑቕ ንምትራፍ ዘኽእል ስልጡን መንገዲ ምኽታል፣
5. ስትራቴጂያዊ ማእኸል ሰላምን ደሕንነትን ትግራይ ንክህሉ ምስራሕ፣
6. ሓይሊ ፀጥታ ትግራይ ብኢኮኖሚ ዓርሱ ዝድጉምን ኣብ ቴክኖሊጂ ብሰፊሑ ዝነጥፍን ክኾን ምስራሕ፣
7. ኣባላት ሓይሊ ፀጥታ ትግራይ ናይ ዝኾነ ፖለቲካዊ ውድብ ኣባላት ከይኾኑ ምግባር፣
8. ተፀዋዕነት ሓይሊ ፀጥታ ትግራይ ብህዝቢ ንዝተመረፀ መንግስቲ ጥራሕ ክኾን ምቕላስ፣
9. ተሳትፎ ዜጋታት ዘረጋግፅ ሓይሊ ፀጥታ ክህሉ ምስራሕ፣

10. ኩነታት ኣቐዲሙ ዝእምትን ዝትንትንን ብቑዕ መሓውር ድሕንነት ክህሉ ምግባር፣
11. መረዳእታ ናይ ምርካብን ምጥቃምን ዓቕሙ ብቐፃልነት ዝሃንፅ መሓውር ድሕንነት ምህናፅ፣
12. ዓቕምታት ኣፀፅዩ ዝርዳእን ሓድጋታትን ዕድላትን ብርሑቑ ዘነፅርን ዘበናዊ መሓውር ድሕንነት ክህሉ ምቅላስ፣
13. ሕገ መንግስትን ሕገ መንግስታዊ ስርዓትን ብዝግባእ ዝተረድኣን ንተፈፃምነቶም ብልቢ ዝሕሉን ፖሊስ ምህናፅ፣
    11.1 ኣባላት ፖሊስ ናይ ዝኾነ ፖለቲካዊ ውድብ ኣባላት ከይኾኑ ምግባር፣
    11.2 ሰብኣውን ዴሞክራስያዊን መሰልን ነፃነትን ዜጋታት ንምኽባር ድሉው ዝኾነን ልዑል ሞያዊ ስነ ምግባር ዘለዎን ሓይሊ ፖሊስ ምህናፅ፣
    11.3 ገበናት ብጋንኡ ዘትርፍን ካብዚ ዝሓልፍ ነገር እንትህሉ ድማ ገበነኛታትን ዘይሕጋዊ ተግባራትን ምንቅስቓሳትን ሃዲኑ ናብ ፍርዲ ዘቕርብ ድልዱል ፖሊስ ክህሉ ምቅላስ፣
    11.4 ዜጋታት ብስፍሓት ዘሳትፍ ሓይሊ ፖሊስ ምህናፅ፣
    11.5 ተፅዋዕነት ፖሊስ ትግራይ በቢብርኩ ንዘሎ ብህዝቢ ዝተመረፀ መንግስቲ ጥራሕ ክኾን ምቅላስ።

## 6.6 ፕሮግራም ሳይንስን ቴክኖሎጅን

ስትራቴጂያዊ ፕሮግራም ሳይንስን ቴክኖሎጅን ስምረት ብቴክኖሎጂ ዝማዕበለን ኣብ መድረኻት ዓለም ተወዳዳራይ ዝኾነን ማሕበረሰብ ምህናፅ እዩ። እዚ ንምፍፃም ዝስዕቡ ዝርዝር ፕሮግራማት ቀሪቦም ኣለዉ።

1. ተሳትፎ ዜጋታት ዘረጋግፅ ፖሊሲ ኢንፎርሜሽን ኮሙዩኒኬሽን ቴኮኖሎጂ ክህሉ ምግባር፣
2. ትግራይ ብኢኮኖሚ ናብ ዝለዓለ ብራኽ ንምብፃሕ ዘኽእል ኣንፈት ቴኮኖሎጂ ነፂርካ ምስራሕ፣

   2.1 ቴክኖሎጂ ንኢኮኖሚያዊ ዕብየት ምችው ኩነታት ብዝፈጥር ኣገባብ ምምራሕ፣
3. ናውቲ ኢንፎርሜሽን ኮሙዩኒኬሽን ቴክኖሎጂ ንዘምርቱ ሓይልታት ልምዓት ዘተባብዕ ኣንፈት ምኽታል፣
4. ኣብ ኢንፎርሜሽን ኮሙዩኒኬሽን ቴክኖሎጂ ብዝተወደበን ብዝተተለመን መንገዲ ብምስራሕ ኣሰራርሓ መንግስቲ ተበፃሓይ ብምግባር ብቐፃልነት ክዝምን ምስራሕ፣
5. ዜጋታት ዝለዓለ ኣጠቓቕማ ኢንፎርሜሽን ኮሙዩኒኬሽን ቴክኖሎጂ ክህልዎምን ትግራይ መሊኣ ናብ ዲጂታል መዋእል ክትኣቱን ምስራሕ፣

6. ስርዓተ ትምህርቲ ትግራይ ኣብ ቴክኖሎጂ ብፍላይ ኣብ ኢንፎርሜሽን ኮሙዩኒኬሽን ቴክኖሎጂ ፍሉይ ትኹረት ክህልዎ ምግባር፣
7. ትግራይ ብኢንፎርሜሽን ኮሙዩኒኬሽን ቴክኖሎጂ ተወዳዳሪት ክትኾን ምስራሕ፣
8. ኣብ ባዮ ቴክኖሎጂ ፍሉይ ቆላሕታ ሂብካ ምስራሕ፣
9. ንምህዞን ፈጠራን ልዑል ቆላሕታ ብምሃብ መሃዝትን ፈጠርትን ዘተባብዕሉ ፖሊስ ሓንፂፅካ ምትግባር፣
10. ከተማታት ትግራይ ዓቕሚ ምህዞን ምርምርን ዜጋታት ንምሕያል ዘኽእለን ማእኸላት ሳይንስን ቴክኖሎጅን ክህልወን ምቅላስ፤ ነዚ ዝመርሕ ፋውንዴሽን ምጥያሽ፣
11. ብብርኪ ትግራይ ተወዳዳራይ ዝኾነ ሓደ ማእኸል ቲክኖሎጂ ንክህነፅ ምቅላስ።

**ተዛዚሙ**